# ሓበሬታ ብዛዕባ ሃገራዊ ኮምሽን ኣብ ለንደን ምስ ሰደህኤ ዘካየዶ ዘተ

Friday June 17-2011

ልኡኻት ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ኤሃኮደለ) ምስ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ (ሰደህኤ|) ሰሉስ ሰነ 14, 2011 ኣብ ከተማ ለንደን ዓባይ ብሪጣንያ ድሕሪ ምርኻቦም ሕጂ ነናብ ቦትኦም ብሰላም ተመሊሶም ኣለዉ። ሃገራዊ ዋዕላን፡ ዋዕላ ዝፈጠሮ ትካላትን ብሓደ ወገን፡ ብመንጽሩ ከኣ ኣብ መንጎ ሰደህኤን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ኤደኪን) ዝሰዓበ ናይ ኣተራጓጉማ ፍልልያትን ስዒቡ ዝማዕበለ ግርጭታትን፡ ሃገራዊ ኮምሽን ኢዱ ከየእተወ <u>ነጻ ኮይኑ ክቕጽል</u> ናይ ግድን ነበሮ። ሰደህኤ ብድሕሪ ሓደ ክፋሉ ናብ ሃገራዊ ኮምሽን ምእታዉን፡ ካብ ኢደኪ ምስሓቡን ግን ኣብ መጋቢት 15, 2011 ኣብ ዝተኻየደ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ኮምሽን ንኩለን ካብ ኪዳን ወጻኢ ዘለዋ ፖለቲካውን ሲቪካውን ውድባት ንምርካብ ውሳኔ ስለ ዘሕለፈ ብቐጥታ ርኽክባት ካብ ዝጅመር ኣስታት 2 ኣዋርሕ ኮይኑዎ'ሎ። ነቲ ዝተጀመረ ጉዕዞ ጭቡጥ ንምግባር ከኣ ኣቦ መንበር ሃገራዊ ኮምሽን ኣቶ ኣምሃ ዶመኒኮን ክልተ ኣባላት ኮምሽን ዝኾኑ ወ/ሮ ዓይሻ ሙሳ ገዓስን፡ መንእሰይ በረኸት ካሕሳይን ዝሓዘ ልኡኽ ምስ ኣቦ መንበር ወልደየሱስ ዓማርን፡ ኣቶ ተስፋይ ወልሚካኤልን፡ ኣቶ ኣሰፋው በርሀን ዝርከብሉ ልኡኽ በቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ዕለት ተራኺብና፣

1. መበገሲ ጻውዒትና ኩሉ ኤርትራዊ ሓይሊ (ህዝብና) ብሓባር ተጋቢኡ ብደሞክራስያዊ መንገዲ ተዋሲኡ፡ ብልዑል ድሌት ህዝቢ ተማእዚዙ ክነብር ከምዝግብኦ መሰረታዊ እምነትና ምዃኑ ገሊጽና
2. ንጽቡቕ ድሌታት ክልቲኡ ሸነኻት ኣመልኪትና ወሲድናዮ ዘሎና ታሪኻዊ ተበግሶ ጠቒስና ኣመስጊና
3. ዕማምን ሸቶን ነጻነትን ጊዜያውነትን ተለኣኺነትን ተማእዛዝነትን ናይ'ዚ ኮምሽን ኣብሪህና
4. ዝመጽእ ዘሎ ጉባኤ ዝጠልቦ ናይ ሰፊሕ ሕብረተሰብና ሓድነትን ብዙሕነትን ምስ ዘሎ ኩነታት ሃገርና ከኣ ህጹጽነትን ኣድላይነትን ናይ ተልእኾና ገሊጽና
5. ንዝቐረበልና ሕቶታት ብጽሞና ድሕሪ ምስማዕ ዘድሊ መልስታትን መብርህታትን ሂብና
6. ካብ ዝቐረቡልና ብዙሓት <u>ርእይቶታን ትንተናታትን መሰረትን ሓቅታትን ከምዘይብሎም</u> ኣስሚርና
7. ብዘይካ እቲ ንኹሉ ውልቀሰባትን ውድባትን ዝግባእ ናይ ምስታፍ መሰል ምግላጽ ካልእ ናይ ሕሉፍ ታሪኽ ተንታን ኣዎንታዊ ከምዘይከውንን፡ እንተተደልዩ ግን ሰነዳትና ከነቕርብ ድሉዋት ምዃናን ሓቢርና።

ዝርዝር ውጽኢት ዘተና ብመደብ ወይ ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚታት ንህዝቢ ከነብርህ ድሉዋት ምዃናን፡ ዕላማ ኮምሽን ከኣ ህዝቢ ምጥርናፍን ምሕብሓብን ደኣ'ምበር ምግላልን ምውጋንን ከምዘይኮነ ኣናገልጽና፡ ዘተና ባህጊ ህዝብና ዘርዊ፡ ንያት ደላይ ሰላምን ስኒትን ዘዕግብ ክኸውን ብዙሕ ጻዕርን ጊዜን ከምዘድልየና ብምእማን ንቀጻሊ ርኽባት ማዕጾ ክፉት ገዲፍና ኣኼባና ደምዲምና።

ልኡኽ ዘተ ኤሃኮደለ

ለንደን ሰነ 15, 2011